**ናይ መን ጥቕሚ ንምክልኻል**
**እዚ ኩሉ ምሕንኳል**
**ቅልዕቲ ደብዳቤ**
**ኣባላት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ነበር**

ወደባት ግርማይ ኪዳነ(ወዲ ፍሊፖ)
ሚላኖ ኢጣልያ
ዕለት23-01-2012

ኣቦታትና ክግረሙ እንከለዉ ሓጺርዋ እንተበልኩስ ተደቢራ ይብሉ ነይሮምእሞ እዚ ካብ ምእዋጅ ዋዕላ ክሳዕ ምግባእ ጉባኤ ኣስናዲውና ኢሎም ዘተግበርዎ ሃገራዊ ጉባኤ እቲ ጉባኤ ምናልባት ከምቲ ሓሊሞሞ ዝጸነሑ ወይ መዲቦሞ ዝነበሩ ግበታ ስልጣን ሽታሕ ኢልዎም ብእቲ ዝዓደሞዎ ህዝቢ ዘድመዖ ውጽኢት መሰጋገሪ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ቀይሙ ተባሂሉ ተኣዊጁ ከብቅዕ ኣብቲ ናይ ምምርሑ ስልጣን ባይታ ጎዲልዎም ነቲ ስርሑ ዝወደኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብኡን ሽዑኡን ነበሮ ንብረት ይኹን ስልጣን ከረክብዎ ዝግባእ ነቲ ጉባኤ ዝኣወጀ ባይቶ ንኣምነሉ ግንከ ኪዳን ከም ኪዳን ውድባት ክጸንሕ ኣለዎ ማለት ሲ እንታይ ትርጉም ወይ ምኽንያት ክወሃብ ይካኣል፣
ምስረታ ኪዳን ቅድሚ ሕጂ ዝተነግረና ነቲ ፋሕ ኢሉ ዝነበረ ውድቤ ዑቁቤ ሰልፊየ ጥልፊየ ጠርኒፉ ነቲ ደንበ ተቓውሞ ከሔይሎ ብሓደ መስርዕ ንኽምከት ከኽእሎ እዩ ዝነበረ ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ዕድሚኡ ግን ከም ዝወደቐት ፍንጃል ፋሕ ብትን እትብል ሎሚ ኣብ ክትቆጽረን ዘይትኽእል ውድባት ምህላወን ምስማዕና እቲ ኪዳን ዝተባሃለና ንኽጥርንፍ ዘይኮነ ንዝጥርነፉ ክዕንቅፍ እንተተባህለ ካብ ሓቂ ኣይተ ወጸኤን።

ከመይ ሲ እቶም ኣብ ኪዳን ኣሎና ዝብሉ እቶም ካብ ኪዳን ወጺኢ ኢና ዝብሉ ቁጽሮም እንተተቐጺሩ ንኽትዛረበሉ ዘሕፍር ነቲ ብእከብካብ ሽፋቱ ህግደፍ ዝልፍለፍ ሓቂ ዝገብር ኮይኑ እቲ ተቓውሞ ድምጹ ኣብቲ ዝግባእ ከስምዕ ዘይመኽኣሊኡ እቲ ውድብ ዑቁብ ሰልፊ ጥልፊ ወዘተ ዝባሃል ኣብ ነንሕድሕዱ ክዋራዘ ኣንፈት ዕላማ ተቓውሞ ስለ ዘይሓዘ ምጽንሑ ዳኣ እንበር ሽፍታ ኤርትራ ሓይሉ በርቲዑ ከምዘይኮነ ንኹልና ንጹር እዩ።

ክቡራት ክቡራን
ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ካብ ዝምስረት እንታይ ዝገበሮ ኣሎ፣ገይሩ ክባሃል እንተኾይኑ መሔከል ውልቀ ሓለምቲ ራእስነት ___ኣብ መዝገብ ታሪኽ ቃልሲ ኤርትራ ተሓታትነት ዘለዎም መተእኻኸቢ ኮይኑ ከምዝጸነሔ ርሑቕ ከይከድኩ ክዘክሮ ዝደሊ እቲ ቀበጥበጥ ኣብ ሞንጎ እቶም ኪዳን ኢና ብሃልቲ ሕቡኣን ወኸሩ ሽፋቱ ህግደፍ ብሰልፊ ህዝቢ ዝጽውዑ ዑሚኽ ኣንደላሓቕቲ ቀብጠርጠራት ይዘከር። እዚ ኻኣ ዘሕምቕ ኣሎኒ በትረይ ሃቡኒ ከምዝባሃል ኣብ ነንሕድሕዶም ሕምምቲ ጎኖም ስለዝፋለጡ ዳኣ እንበር ክሳዕ ክንድዚ ደፋፊሩ ኣይምኻኣሉን።

ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን
ሀ)ብወርሒ መጋቢት 2010 ስምረት ሾመንተ ውድባት ሰራዊት ዘለወን ተገይሩ ኢሉ ኣዊጁ፣እዚ ግን ብግብሪ ክሳዕ ሕጂ ዝተራኣየ የብሉን ጥራሕ ዘይኮነ ንዑቕ ከስተናዕቐካ መቓብርካ ከምዝጸበበካ ከምዝባሃል ኣብ ልዕሊ እቲ ልሙድ ባጫ ቃለ ኢሳያስ ዕንቅርቢቱ ሓጎስ ገሪሄት(ክሻ)ከይተረፈ ኣበይ ዘለዉ ሰራዊት ኢሉ ከም ዝሓጨጨ ይዝከር እሞ እዚ ኣውጅ እዚ ምእዋጁ ብሓላፍነት መን ይሕተተሉ፣

ለ)ባይቶ ጸጥታ ዓለም ካብ 23 ታሕሳስ 2009 ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ ሽፋቱ ኤርትራ ዓለም ለኻዊ ብይን እገዳ ወሲናትሉ ከተብቅዕ ነዚ ብይን እዚ ኣብ ግብሪ ንኽዉዕል ወዮ ኪዳን ዝገበሮን ዘውዓሎን እንታይ ኣሎ፣

ሐ)መናእሰይ ኤርትራውያን ካብ ግፍዒ ሽፋቱ ህግደፍ ክሃድሙ ኣብ ፈቐዶ ምድረበዳ ክዝሕዘሑ ፤ኩሊቶም

ኣዒንቶም ተጠቢሖም ክስጥሑ፣ባሕሪ ተዋሒጦም ኣደዳ ዓሳ ኮይኖም ክብልዑ እዚ ኪዳን ንርህራሄ ዓለም ዘስምዕ ኣበይ ተጣሪዑ፣

መ)ጉዳይ ስደተኛታት ዑቕባ ሓተቲ መሰሎም ዝሕለወሎም ንእቶም ልኡኻት ሸፋቱ ህግደፍ ብዕቑባ ሓተታ ዝነብሩ ዝልለይሉ እንታይ ዝገበሮ ኣሎ፣

ሰ)ብዝሒ ስሉፋት (ውድባት)ሸፋቱ ህግደፍ፣ ካብ ተቓወምቲ ህግደፍ ምህላው ኩልና እንርእዮ እንዕዘቦ እዩ እሞ ነዚ ዓቐን እዚ ኪዳን ብኸመይ ክመዝኖ ንእቲ ዓቕሚ ህግደፍ ከምክኖ ዘይካኣለ፣እንታይከ እዩ ጸገሙ፣

ረ)ተቓውሞ ኣሎ ካብዝባሃል እቲ ተቓውሞ ካብ ተዳናገጽቲ መንግስታት(ኢትዮጵያ)ትካላት(ሰንዓ ፎርም) ተመዊሉ ክነብር እቲ ውራይ ናይ ኤርትራውያን ክነሱ ስ ለምንታይ ኤርትራውያን ንኽምውልዎ ካብ ዝኾነ ሕሜታት ነቲ ተቓውሞ ንኽከላኸልዎ እዚ ኪዳን እንታይ ሓንጺጹ ወይ ኣተባቢዑ ፣ ወዘተ ተረፈ።

ክቡራን ኩቡራትን

ጉዳይና ክሳዕ ሕጂ ከምቲ ገበል ሸፍታ ህግደፍ ዝብሎ ተቓውሞ ዝባሃል የለን ኮይኑ ምጽንሑ ወላ እኳ ዕረ ይጥዓመኒ እንበር ሓቂ ምንባሩ ንመጻናንዒ ክትኮነና እዛ ሓጻር ዕላል ተረከቡ ስንኩል እግሩ ንዓይነ ስዉር እናመረሔ ይኸይድ ኣብዝነበረሉ ሓደ ጽጋበኛ ብዓል መኪና በታ ጥቓ እግሮም ሸውውውው ኢሉ ኣሰናበዶም እሞ እቲ ስንኩል እግሩ ንዝመርሖ ዓይነ ስውር ሓንሳብ ኣብዚ ጽንሓኒ ነዚ ጽጋበኛ ብዓል ማኪና ኣርኪበ ክሕዞየ በሎ ወዮ ዓይነ ስውር ካኣ ዳሓን ግደፎ ታርጋኡ(ቁጽሪ መኪና)ጽሒፈያ ኣለኹ በሎ።

ንሕና ኻኣ ካብ ዓመት ናብ ዓመት በብዝበሉና ክንሰምዕ ኣእዛንና ኣጽሚምና ኣዒንትና ዓሚትና ጸኒሕና እሞ ሕጂ ኸ ክሳዕ ምዓስ___፤እቲ ቅዱስ ደም ሰውኣትና ነቁዩ እንሆ ነቲ ሕሉፍ ጉሒፍና እቲ ተልእኹኡ መብጽዓ ከነተግብር ይዕድመና ኣሎሞ ዳግማይ ምዕሻው ማለት ታሪኽ ምብልሻው ስለዝኾነ ንሳማማዓሉ ኣይንሳማማዓሉ ብዘየገድስ ውራይና ውራይ ኤርትራ ዘጻውዕ ኣንፈትን መዘከርን ተዋሂቡና ስለዘሎ ብትብዓት ኣብ ጎድኒ እዚ ባይቶ ኮይና ብድሕርሕጂ ዘየዳግም ክትትልና ከነበርክት ሓላፍነትና እዩ እሞ ንእዘን ዝስዕባ ትካላት ቃልሲ ኤርትራ ዝስዕብ ለበዋይ ኤማሓላልፍ፣

1 )ውድብ ግንባር ድሕነት ኤርትራ
2 )ውድብ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ
3)ውድብ ዓፋር ቀይሕባሕሪ
4 )ውድብ ኩናማ ኤርትራ
5 )ውድብ ሳሆ ኤርትራ

ኩልኽን ክሳዕ ሕጂ ድምጽኽን ድምጺ ኣባትርክን ጻረ ህግደፍ ኣስሚዕክን ዘመስከርክን ንኺተስምዓ ተቐሪብክን ዘለኽን(ሰልፊ ናህዳ)እዚ ቆይሙ ዘሎ ባይቶ ተሳቲፍክን ዘጽደቕክነኦ ስለዝኾንክን እቲ ዝነበርክነኦ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኣብቂዑ ስለዝኾነ ንእቶም ብስም ኪዳን ክቕለቡ ከዕለብጡ ንውልቀ ረብሔኦም ዘዕለብጡ መጻንሒ ይገብሩኽን ስለዘለዉ ነቲ ተበጊሱ ዘሎ ባይቶ ብቕንዕና ትኣምናሉ እንተኾይንክን
" ባይቶ ካብ ቆመ ህላዌና ኣብ ኪዳን ትርጉም የብሉን" ዝብል ህጹጽ ኣዋጅ ከተማሓላልፉ ምልባው ጥራሕ ዘይኮነ ብስም ወጽዓ ስድራቤታት ኤርትራን ንዓመታት ተሓንጊጥናዮ እንኸይድ ዘሎና መብጽዓ ስዋኣትናን እግዝዘክን ቀጺለ ካኣ ንተሓጋገዝትና ስርዓት ኢትዮጵያ ይኹን ትካል ሰንዓ ፎርም እዛ ለበዋይ ኤመሓላልፍ እቲ ክስዕ ሕጂ ከይተሓለልኩም ንኣብ ኤርትራ ተኸሲቱ ዘሎ ጠላም ሸፍታ ንኤርትራውያን ኣብ እህ_ህ_ህታ፣ ንጎረባብቲ ሃገራት ናይ ቅልውላው ስክፍታ ኮይኑ ዘሎ ውራይ ኤርትራ ብኤርትራውያን ክማላእ ኣብ ክትገብርዎ ዝጻናሕኩም ሓገዝ ዘልኣለም ነባሪ ምስጋና ይግበኦ ምኺኑ ዘጠራጥር የልቦን፣ኮይኑ

ግን እቲ ሰናይ ግብርኹም ንእንምነዮን እትምነይዎን ኩሉ ዝምነዮን ቅሳነት ንምምጻእ ዘይመብቂዒኡ ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም ዘሎ ሓቂ እዩሞ ነዚ ሓቂ እዚ ምርኩስ ብምግባር ከምቲ ብዙሕ ግዜ ጁባኹም ዕጸዉልና _ልግስኹም መሔከሊኦም ዝጥቀምሉ በዚሖምና ፣ዝበልኩኹም እቲ ውራይ ናትና ናይ ኤርትራውያን ኮይኑ ኤርትራውያን ጁባታት ክኸፍት ምስ ዝበቅዕ ንጠለብ ኩልና ስለዘድምዕ ሕጂ ውን ደጋጊመ ጅባኹም ክዕጸው ኤማሕጽን።

ብዙሓት ግዱሳት ኤርትራውያን ፣ ኣብዚ ውራዮም ውራይ ህዝቦም ክሳተፉ ዘይተራእዩ ንሸፍታ ኤርትራ ፈሪሆም ዘይኮኑ ወይ ሓቅነት ሂቦሞ ዘይኮኑ ስክፍተኦም ካብ ኣገባብ ተቓውሞ መበገስ ኮይኑ እዚ ተቓውሞ እዚ መወልቱ ኢትዮጵያ ___ክንዲዝሰምራ ውድባት ይፈርያ ካብ ኮነ እቶም ዝሕግዙ ኢትዮጵያ ኸ እንታይ ትገብሩ ኣለኹም ብኸመይ ከተድሕኑ ህዝብኹም ክብልዎም ክምዕድዎም ዘይ_መፈተኒኦም ነቲ ተቓውሞ ከምኡ ኢሉ ሽንኮለል ክብል ድሌቶም እዩ ዝብል ሕሜታት ከምዘሎ ብዘይቀልዓለም ክሕብር እግደድ እሞ ጉዳይ ኤርትራ ንኤርትራውያን ብኤርትራውያን ንኽነስምዖ ደጋጊመ እታ ጁባ ዕጸዉልና ይብል። ክርዳኣና ዘለዎ፣ ሕጅስ ዘሎ ስርዓት ኢትዮጵያ መን እዩቲ ሽፍታ ኤርትራ ካብ ዘመነ ብረታዊ ቃልሲ ስለዝፈልጦ ጸገምና ተረዲእዎ ይሕግዝ ኣሎ።ኣብ ዓለም ግን ዘይውዳእ ነገር የልቦንሞ  እዞም ለጋሳት ገንዘብ ወዲእና ተጸንቂቑ ጁባና ኣብዝበሉሉ ግዜ ወዮ ተቓውሞናኸ ሽዑኡ ምቁዋም ኣብቂዒ ክብል ድዩ፣ኩሉ ኤርትራዊ ሕልና ጌሩ ክሓስበሉን ክምልሾን ዝግባእ እዩ።

ታሪኽ ኤርትራ ካብ መሰረት ጀሚሩ ይጽውዓና ኣሎ፣እቲ ጻዊዒት ከነኽብሮ ከነዔውቶን ናትና ሓላፍነት እዩ። እንተዳኣ ሕማም ህዝብና ሕማምና ኮይኑ እዚ ቆይሙ ዘሎ  ባይቶ መታኣማመኒ ዘረጋግጸልና ከምቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ መሪሕነታት ገሊኦም ሰብ ገበን ገሊኦም ስኩፋት ገሊኦም ሕቡኣን ባሕቶውታት ዘይኮነ ወዲ ታሪኽ ኣብ ታሪኽ ሕማቕ ክገብር ዝሓንኽ ስለዝኾነ ሽንኮለል ዝብል ዘሎ ተንኮላትን ዕንቅፋታትን ኣብ ውሻጠ ባይቶ ዝተስኾዔ መርዝታትን ክንኣልዮም ሓላፍነት ኩልና እዩ ኢልና ንጽናዕ።

ኣብ ላዕሊ ጠቂሰክን ዘለኹ ውድባት ቅድሚ ምልዓል ብርዔይ ኣብዚ ሓጺር እዋን ዕላማኽን ዕላማ ህዝቢ እንተዳኣ ኮይኑ ሃየ ኣሔይለኦ ነዚ ባይቶ፣ወይ ካኣ ምስ ብስምክንን ዓቕምኽንን ዝስረፉ ዘለዉ ናይ ጽባሕ መንድዓት ምዃንክን ኣነጺርክን ነዚ ብስም ኤርትራውያን ንኤርትራውያን ብኤርትራውያን ቆይሙ ዘሎ ባይቶ እሞ ወከልትኽን ኣቐሚጥክነኦም ዘለኽን ኣልዕላልና።ዝሓለፈ ሽንኮለል ብድሕሪ ሕጂ ስለ ዘየድልየና ካባኽን ክንሰምዖ እንደልይ  ምስ ባይቶ እየ ኣነ የሎናን ምስ ኪዳን ዓጠነ ኣስማዓና ሎማቅነ።

ንትካል ሰንዓፎርም ኻኣ መልስኹም ተጸባይ ኮይነ እብል ጁባኹም ዕጸዉ ከይተዳኸመ

ሰናይ ቅነ።